## ሰባት ዝመሰሎም ፖለቲካዊ ርእይቶ እንከንጸባርቑ፡

## ብስምዒት ካብ ምኹናን ብትዕግስቲ ምምዝዛን

ደቂ-ሰባት ከም'ቲ ሓደ ዓይነት መልክዕን ምስልን፣ ተመሳሳሊ ቁመትን ክብደትን ዘይብልና፡ በበይኑ ማሕበራዊ ባህግን ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብን እንተንጸባረቕና ከም ባህሪያዊ ሕርያ ተቐቢልካ፡ ተናቢብካን ተኸባቢርካን ምስጓም 'ምበር፡ ስለምታይ ከም'ዚ ዝበለ ሓሳብ ወይ ርእይቶ ሒዙ ወይ ሒዛ ካብ ዝብል ኩርናዕ ተበጊስካ፡ ብስምዒት ኩነኔን መጥቃዕትን ምቕዳም፡ ቅኑዕን ብሱልን ፖለቲካዊ ኣተኣላልያ ኣይኮነን። ንህዝባውን ሃገራውን ሓድነት መሊሱ ካብ ምዝራግን ምብራዝን ሓሊፉ፡ ዘምጸኦ ኣወንታዊ ለውጢ ከምዘየለ ምግንዛብ የድሊ። ንፖለቲካዊ ዝንባለን ሕርያን ዜጋታት፡ ደስ ንዝብለናን ምስናትና ዝቀራረብ ኮይኑ ምስ እንረኽቦን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ከም ሓሳብ ብሰንጠቕ ምስ ርእይቶና ዝጻረር ምስ ዝኸውን'ውን ተቐዳዲምካ ብስምዒት ካብ ምኹናን፡ ከም ርእይቶ ምኽባር'ዩ ዝምረጽ።

ምኽንያቱ ብሓደ መዳይ፡ ንብዙሕነትና ዝገልጽ ንሕና፡ መሰልና፡ ሓድነትና እናበልና ሓሳብና ንገልጽ፡ በቲ ካልእ ሸነኹ ድማ ከም'ቲ ህግደፋውያን "ሓደ ልቢ ሓደ ህዝቢ" ዝብልዎ፡ ፍጹም ናይ ርእይቶ ፍልልይ ከም ዘይብልና፡ ዝመረጽክዎ ምረጽ፡ ዝረገጽክዎ ርገጽ፡ ካብ ናተይ ዝተፈልየ ፖለቲካዊ ኣማራጺ ኣይትሓዝ ዝዓይነቱ ኣቀራርባ፡ ንመሰረታዊ ናይ ምሕሳብን ምዝራብን መሰል ምድፋእ'ዩ። ምስ'ቲ ኣንጻር ምልክን ዓፈናን ንመሰልን ክብረትን ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ድማ ብሰንጠቕ ዝጻረር'ዩ። ስለዚ ኣብ ደምበ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ርእይቶታት ብነጻነት ክዋሳእ ብስክፍታ ዘይኮነ፡ ብንቕሓት ብብስለት ክኸበር፡ ሓደ ካብ መሰረታዊ ሸቶታት ምዃኑ ምግንዛብ ይግባእ። ርእይቶ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ምስ ርእይቶ ህግደፍ ፈጺሙ ኣይዕረቕን ስለምታይ መሰረታዊ ፍልልይ ስለዝኾነ ክበሃል እንከሎ፡ ሓደን ቀዳማይን ዝፈላልዮ ነጥቢ ኣብ ሰብን ሰብኣዊ ክብረትን ዘሎ ናይ ኣረኣእያን ኣተሓሕዛ ሚዛን'ዩ።

ህግደፍ ብቐዳምነት ንውልቃውን ጉጅላውን ረብሓኡን ክብረቱን ሰሪዑ'ዩ ኣብ ዙርያ ሃገርን ሃገርነት ኣለኹ ዝብል። ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ድማ፡ ቀዳምነት ንሰብን ሰብኣዊ ክብረትን ብምስራዕ'ዩ ኣንጻር ምልኪ ዝቃለስ ዘሎ። ኣብ ኤርትራ ብመላኺ ጉጅለ ህግደፍ ዝተነፍገ፡ ከይተሸማቐቕካ ብነጻነት ምሕሳብ፣ ምዝራብ፣ ምውዳብ፣ ምንቅስቓስ፣ ምስራሕ፣ ሃብቲ ምውህላልን ምጥቃምን፣ ሃይማኖታዊ ኣምልኾ …ወዘተ ዝኣመሰሉ፡ መሰረታዊ ህዝባዊ ሓርነታዊ መሰላት፡ ብኣረኣእያ፡ ብሕግን ብተግባርን ክውን ብምግባር፡ ብሃገር ደረጃ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ናይ ስርዓት ለውጢ ንምምጻእ'ዩ። እዚ ቅኑዕ ኣተሓሳስባ'ዚ 'ምበኣር ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ፡ ንዘቤታዊ ጸላኢ ምስ ኣልገስና፡ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ምስ ኣረጋግጽና ተባሂሉ ብይጽንሓለይ ብቐጸሮ ዝውንዘፍ ዛዕባ ኣይኮነን። ንህዝብታት ኤርትራ ይጠቅም የዋጽእ'ዩ ዝበሃል ሓሳባት ካብ ሕጂ ክፈስስ፡ ክስማዕ ክኽበር ኣለዎን ይግባእን።

ዜጋታት፡ ፖለቲካ ኤርትራ ድሕሪ ምውጋድ ጉጅለ ህግደፍ ክኾነሎም ዝደልይዎ ስነ-ሓሳብ፡ ካብ ነናቶም ባህግን ደርባዊ ወገንነት ስለ ዝብገስ፡ ሃናጺ ክኸውን ይኽእል። ዘይሃናጺ ኣፍራሲ'ውን ክኸውን ይኽእል። ሃናጺ ይኹን ኣፍራሲ ግን፡ ኤርትራውያን ኮይኖም፡ ይሓይሽ ኢሎም ዘቕርብዎ ዘለው ርእይቶ ምዃኑ ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፡ ብስምዒት ብቑጠዐ ዘይኮነ ብፖለቲካዊ ልቦና ብሓላፍነት ምትእንጋዱ ተመራጽን ዘዋጽእን ፖለቲካዊ ሜላ'ዩ። ንሕጅን መጻእን ንህዝብታት ኤርትራ ሰላም፣ ደሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ ልምዓት፣ ሓድነታዊ ምቕትን ክብረትን ዝህቦም፡ በዚ ፖለቲካዊ መስመር ወይ ስነ-ሓሳብ ምስ ዝምርሑ'ዩ ዝብል ርእይቶ ከም ኣማራጺ ክቐርብ እዋኑ'ዩ። ከምኡ'ውን ንዝምድና ኤርትራ ምስ ጎረባብቲ ሃገራትን ክኒዮኡን ዝምልከት ዘይተለምደ ሓድሽ ዝመስል ርእይቶ እንተተቐልቀለ ከሰንበድ የብሉን። ስለምንታይ ካብ ዝብል ኩርናዕ

ዝነቐለ ግጉይ ኣንፈት ክሕዝ ኣይግባእን። እቲ ሓድሽ ዝመስል ርእይቶ ዘመንጨ ከምኡ መበሊኡ ምኽንያት ክገልጽ፡ እቲ ብኣንጻሩ ዘሎ ርእይቶ ድማ፡ ከምኡ ምባል ነውሪ ከምዘይኮነ ተቐቢሉ፡ ግን ከኣ ከም ዘየዋጽእ ብመረዳእታ ኣሰኒዩ፡ ብትዕግስቲ ብሓላፍነት ብሓይሊ ሓሳብ ከእምን ደኣዩ ዘለዎ 'ምበር፡ ንሰብኣዊ ክብረት ወነንቲ ሓድሽ ርእይቶ ክሳብ ምድፋእ ዝበጽሕ ርሕቀት ምኻድ'ሲ ቅኑዕ ኣገባብ ስለዘይኮነ ክእረም ዘለዎ'ዩ።

እቲ ዝቐረበ ሓሳብ ንኹሉ ዘሐጉስ ዘይክኸውን ከም ዝኽእል ውሁብ ነገር'ዩ። ግን ሓሳብ ክሳብ ዝኾነ፡ ብሓሳብ ንምእራሙ ደኣዩ ቃልሲ ክግበረሉ ዘለዎ 'ምበር፡ ሓሳቡን ኣካሉን ብሓደ ወዲንካ ኣይተርእዩኒ ኣይተስምዑኒ ዓይነት ኩነኔስ ቅኑዕ ኣገባብ ምሕደራ ኣይኮነን። ዓንዲ ኤርትራዊ ሓድነት፡ ኣካላዊ ዘይኮነ ናይ ሓሳብ ሓድነት'ዩ። ናይ ሓሳብ ሓድነት ከኣ ካብ ምድምማጽን ምክብባርን ወጻኢ ዝረጋገጽ ኣይኮነን። ስለዚ ሓቀኛ ሓድነት ንምምጻእ፡ ካብ ድሌታዊ፡ ዊንታዊ ላህመታዊ ዝኾነ ሓድነታዊ ጠለባት ዝደሓነ፡ ንብዙሕነታዊ ኣተሃላልዋና ግቡእ ቦታ ዝሃበ፡ ንብሩህ መጻኢ ዕድልና ኣማራጺ ኮይኑ ዘገልግል፡ ዝተፈላለየ ግን ከኣ፡ ዘይተደዋወሰ ንጹር ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳባዊ መስመር ተኸቲልና፡ ብእሩምን ሓላፍነታውን ኣገባብ ብነጻነት ብምክብባር ክንበሃሃል ክንበቅዕ ኣለና። ሰባት ዝመስሎም ፖለቲካዊ ርእይቶ እንከንጸባርቑ ተሃዊኽካ ካብ ምኹናን ብትዕግስቲ ምምዛን፡ ብሓይሊ ሓሳብ ምግጣም ፖለቲካዊ ባህልና ክኸውን ይግባእ።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 14-05-2018